## *ንሕና ማሕበረኮም ኤርትራውያን ኣብ ከተማ ኡምዮ ነቲ ብዕለት 25 ለካቲት ናብ ሰኑይ ዘውግሔ ለይቲ ዝተፈጸመ ግብረ-ሽበራዊ ባርዕ ሓዊ፣ ንባህላዊ ማእከላት ኤርትራውያን ኣብ ከተማ ስቶክሆልም ንኹንን።*

ንሕና ኣባላት ማሕበረኮም ኤርትራ ኣብ ከተማ ኡምዮ፣ ብሓባር ተኣኪብና ኣብ ዝዘተናሉ ህሞት፣ ነቲ ብለካቲት 25, 2013 ኣብ ከተማ ስቶክሆልም ኣብ ልዕሊ 3 ኣዳራሽ ማእከል ባህልን ሰነጥበብን መንነት ኤርትራዊ ዝኾነ ብምቅጻሉ ንዓና ኣዚዩ ከምዘሕዘነናን ከምዘቖጠዓናን እንዳገለጽና፣

ነዚ ንኽትሰምየ ዘሕፍርን ዘቖጥዕን ጽዩፍ ግብረ-ሽበራዊ ተግባራት ብስም ኩሎም ኤርትራውያን ደለይቲ ሰላም፣ ንግብረ ሽበራ ስርሓት ንኹሉ ተንኮልን ሽርሕን ተጻባእትን ብትሪ ኩናኔና ነቕርብ።

ሓይልታት ጸጥታ ሽወደንን መንግስቲ ሽወደንን፣ ንገበነኛታትን መወልቲ ግብረሽበራውያን ውልቀ-ሰባትን ኣብ ቅድሚ ሕጊ ቀሪቦም መቕጻዕቶም ብግቡእ ክረኽቡ ንምሕጸን።

ንገበነኛታት ኣብ ሕግ ንምቕራብ ኣብ ዝግበር ጻዕሪ ናይ ማሕበርና ምትሕብባር ምስ ዘድሊ ብምሉእ ዓቕምና ከምንተሓባበር ነረጋግጽ።

ኣብ መጨረሻ ንኹሎም ማእከል ባህልን ስነጥበብን መንነት ኤርትራዊ ዝኾነ ብምቅጻሉ እንቋዕ ደኣ ሂወት ሰብ ኣይለከመ እምበር ብካብ ዝነበሮ ንላዕሊ ክህነጽ ከምዝኽእል እምነትና እዩ።
እጆኹም ትብዑን በርትዑን እንዳበልና ብሞራል ኣብ ጎድኖም ከምዘለና ነረጋግጸሎም።

ዘለኣለማዊ ዝኽሪ ንስውኣትና

ዓወት ንሓፋሽ

ማሕበረኮም ኤርትራውያን ኣብ ኦምዮ